# ኣነዶ ? ንስካ !!! መን እዩ እቲ ሓሰካ !?!

## *መልሲ ንኣይተ ነጸርኣብ ኣስመላሽ !!!*

**ብወደባት ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ) ሚላኖ ... ኢታሊ ዕለት 19.05.2017 ዓምፈ**

ሓባልሲ መጠመቲኣ ትኩሓል ከምዝብሃል እቲ ብ2010 ዝፈጸምካዮ ገበን ሽውኡ ግዜ ከይወሰደ ንህዝቢ ክባጻሕ ኣመሓላሊፈዮ ዝነበርኩ ንስካ ትዝከሮ ኩሉ ከኣ ይዝክሮ እዩ፡ እቲ ዝፈጸምካዮ ኣሉታዊ ወፈራ ምስ ጊዜ ምንዋሐ ክርሳዕ እዩ ዝብል ሕልሚ እንተድኣ ሓሊምካ ኔርካ፡ ኣብ ዓለም ብደቂ ሰብ ዝፍጸም ጽቡቅ ይኩን ሕማቅ ተግባረ ከምቲ ዝሓለምካዮ ተቀቢሩ ዝነብር መሲሉካ እንተኮይኑ ሕጂ እውን ኣይተበራበርካን እሞ ንክትበራበር እጽውዓካ፡ ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ከምዚ ትብሎ ዘለካ ተርኣኢና ግን ብዕምቆት ከነዕልል ዘይምክኣልና ክልቴና በበይኑ ዓላማ ስለዘለና ድኣ እምበር ብካልእ ኣይኮነን፡፡ ንሱ ከኣ ኣብቲ ጋሕማጥ ዕድመ ሃገራዊ ዋዕላ 320 ሰባት ዝተሳተፍና ስለዝኮና ኩሉ እቲ ዝተባህለን ዝተገብረን ብዘይካ ነቲ ብኣይ ብዘይወዓል ሕደር ዝተነግረ እንተዘይኮይኑ ካልእ ክምስክር ዝክእል ከምዘየሎ ውሽጢ ሕልናካ እውን ዝምስክሮ እዩ እንተበልኩ ካብ ሓቂ ነቅ ኣይበልኩን፡፡ ንሱ ከኣ ተሳተፍቲ እቲ ግሕሙጥ ዋዕላ ብሓተታ ጸጥታ ኢትዮጵያ ዝሃብናዮ ሰነዳትናን ኩሉ መለለይናን ... ኣብ ሃገር እንዳማትና ስለዝኣተና ከምቲ ዝሓተቱና መን ብዓል መንን ስለምንታይን ከምዝመጻእና ክፈልጡ ክምዝግቡኦም መሰል ጸጥታ መሰል ጸጥትኦም ስለዝኮነ ሂብናዮም ከነብቅዕ እቲ ዝሃብናዮም ሰነዳት ብመርበብ ኢንተርኔት ንክዝርጋሕ ኣይኮነን እሞ፡ ስለምንታይ ተዘርጊሑ ኣብ ሜድያ ? መንከ ዘርጋሒኡ ናብ ሜድያ ? ነጸርኣብ ኣስመላሽ !!!

ስለዝኮነት እታ መልሲ ርጡብነታ ከኣ ኩሉ ዝምስክራ ስለዝኮነት እዚ ነጸርኣብ ኣስመላሽ ንስካ ዲካ ወይስ ስዉር ነጸርኣብ ኣሎ ? እወ ኣነ እየ ትብልን ትኣምንን እንተኬንካ ከኣ ... ስርዓት ኢትዮጵያ ስለምንታይ ሂቦሙካ ? እንታ እዩ እቲ መልእክቲ መዘርጊሒካ ? ነዚ ድኣ መልሽ እምበር ዝገሃስኩ እንተገሃስኩ ክክሰስ ወይ ክፍለጥ የብለይን አይግባእን ዝብል ትምክሕቲ እንተድኣ ዓብልሉካ ኮይኑ ከኣ ምስ እቶም ንዓና ተመሲሎም ኣብ ውሽጥና ተመልሚሎም ህይወታትና ዝከፈልናሉ ኣብ መርገጽቶም ቆሪኖሙና ዘለዉ እንታ ይፍልየኩም ?

ትፈልጦን ትዝክሮን ኢካ፡ እቲ ሽውኡ ዝተዓደምናሉ ዋዕላ ኤርትራ ድኣ እምበር ከምቲ ምስ ምስ መተሓሹክትካ ዝተለምኩሞ መደብ ንምቅሳም አስተምህሮ ናይ ፈደራሊዝም ወይ ሕቡእን ኣብ ውሽጢ ካንቸሎ ዕጽዋትን ኬንና ሰላማዊ ሰልፊ ንምግባርን አይኮናን ነቲ ዝተላእከና ዕድመ ኣከቢርናዮ ስለዝኮና ከኣ እዩ .... ኩሉኹም እናሰማዕኩም እንታይ ጉድ ኢኹም ትገብሩ ዘለኹም እንታይ ድዩ ዕላማኹም ኢለ ዝጠራዕኩዎ ነዚ ኣሉ ክትብሎ ትፍትን እውን ኣይመስለንን፡፡

ነቲ ዝዘርጋሕካዮ ሰነድ አመልኪትና ንእቶም በል ኢሎም ዝለኣኩካ ጸጥታ ኢትዮጵያ .... ብከመይ እዚ ሰነድ ወጺኡ ነጸርኣብ ኣስመላሽ ከኣ እዩ ዘርጋሒኡ ኢልናዮም ንጥርዓና ሰሚያም እወ ፈሊጥና አሎና ክብሉ እንተዘይኮይኖም ካልእ ግብረ መልሲ ኣይርኤናሎምን ብዙሕ ተጸቢና እውን ኣይሰማዕናሎም እሞ፡ ብዘይካ ባዕሎም ስለዝኮኑ ወሃብቲ ለኣኽቲ ከመይ ገይሮም ክገብሩካ ተሓታቲ ? ዝብል ገምጋም ጥራሕ ኢና ጌርና እሞ፡ ልኣክትካን ተጸበይትካን ..... ምስ ደገዝማቲ መን ተማጋቲ ድርቅንኦም ክሳዕ እታ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ዝህንቀዋ ዘሎ ፍትሓዊት ኤርትራ እትረጋገጽ ንኩሉ ሰኒድዎ ይጸንሕ እምበር ናብ ኢትዮጵያ .... ጭፍራ ህ.ግ.ደ.ፍ ክጣራዕ (ክጠርዕ) ዝሓስብ የለን፡ ክሀሉ ከኣ ኣይክእልን ስለምንታይ ክትብል እንተደሊካ እቲ ጉዳይ ንዓና ንኤርተራውያን ድኣ እምብረ ስለዘይምልከቶም እዩ፡ እሞ እቲ ሕሱር ቀንጠብጠብካ ክሳዕ ኣብ ሕጊ ዝቀርብ .... ክሳዕ ዘሎና ክንዝክሮ ኢና፡ ዓለም እንተርኪባ ከኣ ተወራሪሱ ክዝከር ከነተባብዕ ኢና፡፡

ክንደይከ ትደፍር፡ ርሑቅ መገሻ ንምሕሳው የደዓዕሳ ከምዝብሃል ኣብቲ ትቅመጦ ኖርወይ ኣብቲ ጋሕማጥ መዓልትታትኩም ዝወዓሉ ስለዘለዉ ኣብዚ ዝፈልጠኒ ዒራ የለን ኢልካ ዲካ አሉ ንምባል ትፍትን ኣይትጋገ ኣለዉ

ኣልዉ:: **<u>ብዛዕባ ሓድነት</u>** ህዝቢ ሐደ ባህጊ ምካኑ ንባዕላ እታ ሓድነት እትበሃል መፈጠራ ኣብ ኤርተራ ስለዝኮነት ከም ጻዕራም ንሓድነት ኬንካ ክትልለ ምፍታንካ ሕፈር ጥራሕ እየ ክብለካ ዝክእል፡ ንስካን ንዓካ ዝመስሉ ብዓል ዕባይ መደበር፡ ከተንቀላጥውዎ ክትኣልምዎ እትነብሩ በተነ ንምድካም ኤርትራውያን ከማካትኩም ንጸገም ኤርትራውያን ከም መቀለብን ውልቀ ረብሓ መደለብን እትወፍሩ ዘየለለየኩም የለን:: ከይትሕብኡ ከኣ ከረዛና ኣይተዘንገዔን::

ብዛዕባይ ክትፈልጥ ደሊካ፡ ከማካን ተምሳላትካን ኣይኮንኩን ድብደባ ደርጊ ሎቅመጽመጽ ቃልሲ ሃገር ሚዒዱኒ መሲጡኒ እንታይ ድኣ ? ናይ ለኣክትካ ጎይታ ነበር ሃጸይ ሃይለስላሴ ክልተ እግሩ ኣብ መሬት ኤርትራ ከይኣጣጠሔ እየ ምስ ኣያታተይ ዓጢቀ ተሓናኒቀ ... ኣነ ኣብ ቃልሲ ክዋሳእ ልኣክትካን ተጸበይትካን ቡን ... ቀጠፍ ... ሻሂ ተላኢኮም ዘየማልእሉ ዝነበሩ እዋን እዩ እሞ፡ ንኣፍለጦካ ታሪክ ዝከሪ ሸውዓተ (ማሕበር ሸውዓተ) ተወከስ፡ በላሽ ዓንደፍደፍ ኢለ እምብአር ነቲ ኣነ ብዛዕባካ ዝተዛረብኩዎ ወይ ዝሓበርኩዎ ኣሉ ክትብል እንተድኣ ደሊካ ዓው ኢልካ ኣይገበርኩን በለ ...... ካባይ ዘይኮነ ካብ እቶም ዝወዓሉ መልሲ ክትቅበል ድሕሪ ምባል ..... ንስካ ኩን መታሓሹክቱካ ኣይትቀንጥዉኒ .... ንኣብ ፍትሓዊት ኤርትራ ብዛዕባኩም ዝትንትኖ ሕጂ ንክትንትኖ ኣይትደፋፍኡኒ::

**ኣደብ .... ኣደብ .... ይገበር ብዓል ደቂ አስመላሽ !?!**

**ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዘእትዎ የብሉን መደብ ኣለወሃ ምላሽ !?!**

**ኣየዋጽእኩምን እዩ .... ሃንደፍደፍ ንምቅሻሽ .... ልቢ ግበሩ !?!**

ሰናይ ቅነ::

ብወደባት ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)

ሚላኖ ኢታሊ ዕለት 19.05.2017 ዓምፈ